# ጽሑፋዊ ሓበሬታ - ቀጻሊ ትእዛዝ ድሕንነት ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ

**ቀጻሊ ትእዛዝ ድሕንነት ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ እንታይ እዩ?**

ከም ርእሰ መምህራን፣ ክፍሊ ትምህርቲ፣ ስልጠና ዝህቡ ሰራሕተኛታት ዝኣመሰሉ ገሊኦም ሰባት 'ስልጣን እተዋህቦም ሰባት' ተባሂሎም ይጽውዑ እዮም። ናብ ቤት ትምህርቲ ኽትከይድ ከለኻ ወይ ኣብኡ ኽትሳተፍ ከለኻ ኽትስዕቦ ዘለካ ሕግታት ከውጽኡልካ ስልጣን ኣለዎም።

እቲ ትእዛዝ እቲ ናብ ቤት ትምህርቲ ኸኖ ናብ ዝኾነ ንጥፈታት ቤት ትምህርቲ ዝካየደሉ ቦታ ኽይትኣቱ ወይ ኣብኡ ኽይትጸንሕ ክኽልክለካ ይኽእል እዩ። እቲ ትእዛዝ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኾነ ኣብ ዝኾነ ንጥፈታት ቤት ትምህርቲ ዝካየደሉ ቦታ፣ ኣብ እተወሰነ እዋን፣ ንእተወሰኑ ሰባት፣ እተወሰነ ዓይነት ባህርይ ከተርኢ ከም ዘይፍቀደልካ ኽሕብር ይኽእል እዩ። እቲ እትዛዝ እቲ፣በቲ ትእዛዝ ክትቅየድ ዘየድልየካ እዋን፣ ቦታን ከባብን ዝኣመሰለ ፍሉይ ኩነታት እንታይ ምዃኑ ዝጠቅስ ክኸውን እውን ይኽእል እዩ።

ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ መምህራን፣ ተምሃሮ፣ ከምኡ እውን ካልኦት ሰባት ድሕንነት ምእንቲ ኽስምዖም እዩ እዚ ትእዛዝ እዚ ተዋሂቡካ ዘሎ። ብዛዕባ ትእዛዝ ድሕንነት ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ ዝያዳ ሓበሬታ <u>ኣብዚ</u> ኽርከብ ይከኣል እዩ። ትእዛዝ ድሕንነት ማሕበረሰብ ቤት ትምህርቲ እንታይ ከም ዝገብር ክትርዳእ ምእንቲ ኽሕግዘካ <u>ኣብዚ</u> ቪድዮ ኽትርኢ ትኽእል ኢኻ።

**እቲ ትእዛዝ ክሳዕ መዓስ ዝጸንሕ እዩ?**

እቲ ትእዛዝ እቲ፣ እዞም ሕግታት ክሳዕ መዓስ ከም ዝጸንሑ እውን ይነግረካ እዩ። እቲ ዝነውሐ ዝጸንሓሉ እዋን 12 ወርሒ እዩ።

**ነቲ ትእዛዝ እቲ ከም ዘይሰማማዓሉ ብኸመይ ነታ ቤት ትምህርቲ ክነግር ይኽእል?**

ሓደ ስልጣን ዘለዎ ሰብ ትእዛዝ ቅድሚ ምውጻኡ፣ ትእዛዝ ከውጽእ ይሓስብ ከም ዘሎን ስለምንታይ ትእዛዝ ከውጽእ ከም ዝሓሰበን ግድን ክሕብረካ ኣለዎ። እቲ ስልጣን ዘለዎ ሰብ ነቲ ትእዛዝ ከውጽኦን ከየውጽኦን ንምውሳን ምእንቲ ኽሕግዞ፣ ስለምንታይ ነቲ ተግባር ከም ዝፈጸምካዮ፣ እቲ እትዛዝ ንዓኻን ንውሉዳትካን ብኸመይ ከም ዝጸልወኩም፣ ወይ ካልእ ነገራት ነቲ ስልጣን ዘለዎ ሰብ ምሕጽንታ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፣ ነቲ ስንክልና ዘለዎ ውሉድካ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ ከሎ ምእንቲ ምድጋፉ ክትቅጽልን ንዕኡ ዝኸውን ምድላዋት ምእንቲ ኽትገብርን ነቲ ስልጣን ዘለዎ ሰብ ውሉድካ ስንክልና ከም ዘለዎ ኽትነግሮ ትደሊ ትኸውን።

እቲ ስልጣን ዘለዎ ሰብ ትእዛዝ ከውጽእ ይሓስብ ከም ዘሎ ኻብ ዝነግረካ እዋን ኣብ ውሽጢ 7 መዓልቲ ምሕጽንታ ከተቕርብ ኣለካ። ምሕጽንታ ንምቕራብ ዝያዳ ግዜ እንተ ኣድልዩካ፣ ዝያዳ ግዜ ክውሃበካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ናይ ጽሑፍ ምሕጽንታ ብኢመይል ወይ ብደብዳበ ናብቲ ስልጣን ዘለዎ ሰብ ክልኣኽ ይኽእል እዩ። ክትጥቀመሉ እትኽእል ኣብነት ዝኸውን ንድፊ ኣብ ዌብሳይት ክፍሊ ትምህርትን ስልጠናን <u>ኣብዚ</u> ኽርከብ ይከኣል እዩ።

ምሕጽንታ ኽትጽሕፍ እንተ ዘይደሊኻ፣ ብዘረባ ምሕጽንታ ኽትህብ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ካልእ ሰብ እዋን ኣብ ክንዳኻ ምሕጽንታ ከቕርበልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፣ ንኣብነት፣ ንስንክልና ደገፍ ዝህበካ ሰብ ወይ ኣስተርጓሚ።

**ነቲ እተዋህበኒ ትእዛዝ ክሕልዎ እንተ ኾይነ፣ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዝምሃር ውሉድ ድማ እንተ ሃልዩኒ፣ እንታይ ከጋጥሞ እዩ?**

እታ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ እቲ ትእዛዝ ንውሉድካ ዝትንከፈሉ መገድን ንዕኡ እትኣልየሉ መገድን ተጠንቂቓ ትሓስብ እያ። እቲ ትእዛዝ ንዕኦም ካብ ምእላይ ወይ ኣብ ትምህርቶም ካብ ምሕጋዝ ደው ከብለካ ተባሂሉ ኣይግበርን እዩ።

እታ ቤት ትምህርቲ ትእዛዝ ምስ ሃበትካ ነዊሕ ከይጸንሐት 'ፕሮቶኮል ርክብን ምርካብ ሓበሬታን' ክትህበካ እያ። ብዛዕባ እዚ ኸኣ ኽግለጽ እዩ፡-

- ብዛዕባ ትምህርቲ ውሉድካ ብኸመይ ከም እትሕበር
- ውሉድካ ብኸመይ ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ከም ዘቕጽልን ኣብ ንጥፈታት ቤት ትምህርቲ ብድሕንነት ክሳተፍ ከም ዝኽእልን
- ውሉድካ ደገፍን ክንክንን ምእንቲ ኽረክብ እንታይ ከም ዝገብሩ።

**ትእዛዝ እንተ ዘይሓልየ እንታይ የጋጥመኒ?**

ኣብቲ ትእዛዝ ንዘሎ ሕግታት እንተ ዘይሓሊኻዮ? ነቲ ትእዛዝ ከም እትሕልዎ ንምግባር እታ ቤት ትምህርቲ ናብ ቤት ፍርዲ ከተመልከት ትኽእል እያ።

እቲ ቤት ፍርዲ ነቲ ትእዛዝ ብዘይ ምሕላውካ ከም እተጋገኻ እንተ ረኺቡልካ እዚ ዝስዕብ ክገብር ይኽእል እዩ፡-

- ናይ መቕጻዕቲ ገንዘብ ክትከፍል ክሓተካ
- ነቲ ትእዛዝ ክትሕልዎ ክሓተካ
- ነቲ ትእዛዝ ምእንቲ ኽትሕልዎ ዝተወሰነ ስጉምቲ ክትወስድ ክሓተካ
- እቲ ቤት ፍርዲ ግቡእ እዩ ኢሉ ዝኣመነሉ ካልእ ነገር ክትገብር ክሓተካ።

ትእዛዝ ብዘይ ምሕላውካ ኣይክትእሰርን፣ ከም ገበነኛ ኾይንካ ኣይክትምዝገብን፣ ወይ ገበናዊ መቕጻዕቲ ኣይክውሃበካን እዩ።

**እቲ ትእዛዝ ክልወጥ እንተ ደልየዮኽ?**

ኣብቲ ትእዛዝ ዘለዉ ሕግታት ክእለ ወይ ክቕየር እንተ ደሊኻ፣ ነቲ ትእዛዝ ንዘውጽአ ስልጣን ዘለዎ ሰብ ነቲ ለውጥታት ክገብሮ ክትሓትቶ ትኽእል ኢኻ። እቲ ስልጣን ዘለዎ ሰብ እንተ ተሰማሚዑ፣ ነቲ ዝተቐየረ ሓድሽ ትእዛዝ ብጽሑፍ ክህበካ ኣለዎ። እንተ ዘይተሰማሚዑ፣ ቀጻሊ ትእዛዝ ከውጽእ ከሎ ክስዕቦ ንዝነበሮ ብቕዓታት ሕጂ እውን ክስዕቦ ኣለዎ።

ስልጣን ዘለዎ ሰብ ኣብቲ ትእዛዝ ሓድሽ ሕግታት ክውስኽ እንተ ደልዩ፣ ቀጻሊ ትእዛዝ ከውጽእ ከሎ ክስዕቦ ንዝነበሮ ብቕዓታት ሕጂ እውን ክስዕቦ ኣለዎ።

**ነቲ ትእዛዝ ይግባይ ክብል እንተ ደለኹኸ ?**

በዚ ዝስዕብ ምኽንያታት ነቲ ትእዛዝ ይግባይ ክትብል ነታ ቤት ትምህርቲ ኽተመልክት ትኽእል ኢኻ፡-

- እቲ ትእዛዝ ኣብ ልዕለኻ ክውሃበካ ኽም ዘይግባእ እንተ ተሰማሚዕካ
- ነቲ ስልጣን ዘለዎ ሰብ ኣብቲ ትእዛዝ ንዘሎ ገለ ነገራት ክቕይሮ ሓቲትካዮ እንተ ኣብዩካ እሞ በቲ ውሳነ እንተ ዘይተሓጒስካ
- እቲ ስልጣን ዘለዎ ሰብ ነቲ ትእዛዝ እንተ ቐይርዎ እሞ በቲ ውሳነ እንተ ዘይተሓጒስካ
- እቲ ስልጣን ዘለዎ ሰብ ነቲ ትእዛዝ ከይስርዞ እንተ ወሲኑ እሞ በቲ ውሳነ እንተ ዘይተሓጒስካ።

ዳግም ተራእዩ እቲ ውሳነ ክሳዕ ዝግበር ካብቲ ነቲ መመልከቲ ናብቲ ርእሰ መምህር ዝለኣኽካሉ ግዜ ክሳዕ 28 መዓልቲ ክወስድ ይኽእል እዩ። እዚ ግዜ እዚ ነቲ እቲ ትእዛዝ ንዓኻ ዝተዋህበሉ ምኽንያታትን ነቲ ንስኻ ኣብቲ ምሕጽንታኻ ዝሃብካዮ ምኽንያታትን ብጥንቃቐ ንምምርማር እዩ ዝውዕል።

እቲ ነቲ ጉዳይ ዳግም ዝርእዮ ሰብ ኣብቲ ትእዛዝ ለውጢ ኽገብር፣ ነቲ ትእዛዝ ክስርዞ፣ ወይ ዝኾነ ይኹን ለውጢ ኸይገብር ይኽእል እዩ። እቲ ውሳነ ምስ ተገብረ፣ ብኢመይል/ወይ ብጶስጣ ክሕበረካ እዩ፣ ስለምንታይ ከምኡ ኽም ዝተወሰነ ምእንቲ ኽርድኣካ ኸኣ ምኽንያታት እቲ ዳግም ዝረኣዮ ኣካል ዝሓዘ ቕዳሕ ክውሃበካ እዩ።

ብውጽኢት እቲ ዳግም ዝተራእየ ውሳነ እንተ ዘይተሓጒስካ፣ ነቲ ውሳነ ናብ ስቪላውን ምምሕዳራውን ቤት ፍርዲ ቪክቶርያ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ እዚ ኣብዚ ኣብ ዌብሳይት ክፍሊ ትምህርትን ስልጠናን ዝበለጸ ሓበሬታ ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ።

**ተርጓማይ/ኣስተርጓማይ ወይ ካልእ ሓገዝ እንተ ደልየኸ፧**

ተርጓማይ፣ ኣስተርጓማይ ወይ ሓገዝ ዝህብ ሰብ እንተ ኣድልዩካ፣ ነቲ ርእሰ መምህር ክትሕብሮ ትኽእል ኢኻ፣ ንሱ ድማ ሓገዝ ክትረክብ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

ውሉድካ ናብ ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርቲ ዝኸይድ እንተ ኾይኑ፣ ዝበለጸ ሓገዝ ንምርካብ ምስ ዞባዊ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ትምህርትን ስልጠናን ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ።

| | |
|---|---|
| ሰሜናዊ ምብራቕ ቪክቶርያ<br><br>ቴሌፎን፡- 1300 333 231<br><br>ኢመይል፡- nevr@education.vic.gov.au | ሰሜናዊ ምዕራብ ቪክቶርያ<br><br>ቴሌፎን፡- 1300 338 691<br><br>ኢመይል፡- nwvr@education.vic.gov.au |
| ደቡባዊ ምብራቕ ቪክቶርያ<br><br>ቴሌፎን፡- 1300 338 738<br><br>ኢመይል፡- sevr@education.vic.gov.au | ደቡባዊ ምዕራብ ቪክቶርያ<br><br>ቴሌፎን፡- 1300 333 232<br><br>ኢመይል፡- swvr@education.vic.gov.au |

**ዝበለጸ ሓበሬታ እንተ ደለኹኸ?**

ኣብዚ ኣብ ዌብሳይት ክፍሊ ትምህርትን ስልጠናን ዝያዳ ሓበሬታ ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ።